# ክንደይ ግዜ ኢኻሞ ክትሰግድ
## (መልሲ ንሓው ሕሩይ ተድላ ባይሩ)

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**29.10.2004**

ሓው ሕሩይ ተድላ ባይሩ፣ ምስቲ ብሓው መሓመድ ጠሃ ተወከል ዝውነን ማእከል ኸሊጅ (ወሽመጥ) ንዜናን መጽናዕትን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ትካል፣ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት ብዕለት 28.10.2004 ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤርትርያና ዳት ካም ኣንቢብና።

ንሱ ምሕዝነት፣ እቶም ዝተረፉ ውድባት ድማ፣ ንምሕዝነት ወይ ንሕሩይ ከም መሕበሲ ፍሽለታቶም ዝጥቀምሉ ሽጎማኖ ገይሩ ዝግለጽ፣ ብዙሕ ዓዘርቚዘር ዘለዎ ቃለ ምልልስ ሓውና ሕሩይ ብኣንኵሮ ተመልኪትናዮ። ንሕና ግን፣ እቲ ካልእ ንዋናታቱ ገዲፍና ኣብቲ ኣብ ልዕሌና ዝሰንዘሮ ክሲ ጥራሕ ከነተኵር ኢና።

**ብዛዕባቶም ምስ ስርዓት ኢሳያስ ክላዘቡ ዝጠልቡን፥ ነቲ ስርዓት ኣብ ውሽጡ ኰይና ክንጽግኖ ኣሎና ዝብሉ እንታይ ርእይቶ ኣሎካ? ንዝብል ዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ** እንከሎ፤ “ስዩምን መስፍን ሓጐስን ካልኦት ንዕኦም ዝመስሉን፣ ምስቲ ስርዓት ክላዘቡን ክዕረቑን ጥራሕ ዘይኮነስ፥ ዝበዝሐ ቍጽሪ ናይ ተቓወምቲ ጠርኒፎም ንኢሳያስ ከረክብዎ ይጽዕሩ ከምዘለዉ እናበርሀ ይመጽእ ኣሎ። እዚኦም  ምርጫኦም ብምሉእ ንቕሓትን ዕ ግበትን ዝወሰዱ ኢዮም። እንተኾነ ግን፣ ናብቲ ግርም ዝኾነ ምድላዋት እተገብረሉ ድግስ፣ ከይፈለጡ ዝጓዓዙ ወራድ መርዓ ውን ኣለዉ። ኣነ ግን፣ ካብ ዘሎኒ ነዊሕ ታሪኽ ናይ ቃልሲ ምእንቲ ዲሞክራሲ፣ ናብ ኢሳያስ ክኸይድ ወይ ክስልም ኣይደልን ኢየ። ከምኡ ውን፣ ኣንጻር ተቓወምቲ ዝፍሓስ ዘሎ ኵሉ ዓይነት ውዲታት እናፈለጥኩ፥ ንኻልኦት ንጹሃት ናብ ኢሳያስ ክስልሙ ከታልሎም ኣይመርጽን ኢየ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነታት ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዘካይድዎ ዘለዉ ወፈራን፤ ብልዑላውነት ሃገር ኣመልኪቶም ዝህብዎ ዘለዉ ሓድሽ ጸውዒታትን፤ ኣብ መንጐ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝፍሕስዎ ዘለዉ ውዲታትን፤ ነቲ ኣብ ሕልንኦም ዝጸንሐ ትልምታት ኣብ ግብሪ ምውዓ ል እንተዘይኮይኑ ካልእ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ውን ፈጺሙ ይቕረ ክብለሎም ኣይኮነን። ኣነ ውን እንተኾንኩ፣ ደጊመ ናብ ኢሳያስ ክሰግድ ወይ ክንብርከኽ ኣይፈቕድን ኢየ። ምኽንያቱ፣ እዚ ንህዝበይን ንነብሰይን ደጋጊመ ከምዝቐተልኩ ኢዩ ክቝጸር” በለ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣ ግርጭታት ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ክፍትሑ ኣለዎም ዝብል ዘይዕጸፍ መትከል ዘለዎ ውድብ ምዃኑ ኵሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦን፤ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮና ብግልጺ ዝዛረበሉን ንሓንቲ ህሞት ውን ትኹን ሓፊርናሉ ዘይንፈልጥን መትከል ምዃኑ ንሓው ሕሩይ ረሲዕዎ እንተደኣ ኰይኑ ደጊምና ከነዘኻኽሮ ንደሊ። ዘተ ከም መፍትሒ ግርጭታት፣ ኣብ ኵሎም ተሓኤ ዘካየዶም ጕባኤታት ብዝበዝሐ ድምጺ ክጸድቕ ከምዝጸንሐ ውን ምስጢር ኣይኮነን። ተሓኤ ይኹን ህዝባዊ ግንባር፣ ምስ ገዛኢ ስርዓት ሃይለስላሴ ይኹን ምስ ስርዓት ደርጊ ውን ሓንሳብ ናጽነት ኤርትራ ክኣምኑ ዝጠልብ ቅድመ-ኵነት ብምቕራብ፤ ካልእ ግዜ ከኣ፣ ብዘይ ቅድመ-ኵነት ዘተ ክገብሩ ይጽውዑ ከምዝነበሩ ናይ ትማሊ ዝኽሪ ኢዩ። ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ብመንጐኛነት ምብራቕ ጀርመን ምስ ደርጊ ክግበር እተጸውዐ ልዝብ፣ መርገጽ ተሓኤ፣ ህግሓኤ ዘይተሓወሶ ልዝብ ኣይንቕበሎን ኢና ዝብል ከምዝነበረ ውን ታሪኽ ዘረጋግጾ ጭቡጥ ምስክርነት ኢዩ።

ኤርትራ ብ1991 ዓ.ም ካብ መግዛእቲ ሰራዊት ሓራ ድሕሪ ምውጽኣ ውን፣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ናይ መግዛእቲ ምዕራፍ ኣኽቲሙ ኢዩ፤ ነዚ ሕጂ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ናይ ዳግመ-ህንጻን ዲሞክራስን መድረኽ ብሓባር መታን ክንብድህን፤ ኵሉ ዓቕምታት ህዝብና ንምዕዋት ናይዚ ዕላማታትዚ ንምጽማድ መታን ክንበቕዕን፥ ዘተ ምስ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ከካይድ ብእውጅ ኣገባብ ጻውዒት ከምዘቕረበ ዝዝከር ኢዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ግን፣ ነዚ ጻውዒትዚ ኣይተቐበሎን።

ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ድሕሪ ምምስራቱ ውን፣ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ፣ ሓውና ሕሩይ ደንግዩ ስለዝመጸ ደኣ ኣየርከበሉን እምበር፥ ሕቶ ዘተ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ኣልዒሉ፣ ኵሎም ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝሳተፍዎን ንዲሞክራስያዊ ስርዓት ብዙሓት ሰልፍታት ንምርግጋጽን፤ ሰብኣዊ መሰላትን ንምሕላውን ዝዓለመ ዘተ ክግበር ከምዝከኣል ኣብ ናይ ሓባር ምርድዳእ በጺሕሉ ኢዩ። ሕጂ ውን ርእይቶና፣ ዝኾነ ይኹን ምስ ስርዓት ኢሳያስ ዝግበር ዘተ፣ ኵሎም ተቓወምቲ ውድባት ዝሳተፍዎን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ ዝሕግዝ ኵነታት ዝፈጥርን ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኢዩ። በበይኝካ ኰንካ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ዝግበር ዘተ ግን፣ ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ዕላማታት ስለዘየረጋግጽ፣ ብኣንጻሩኳ ድኣ ንደምበ ተቓውሞ ክሽፋፍል ስለዝኽእል፣ ቀንዲ ተቓወምቱን ተጻረርቱን ምዃና ኵሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦ እውጅ መርገጽና እኳ እንተኾነ፣ ተበለጽቲ ዝዋስኡሉ ነቓዕ ንምሕታም ሕጂ ውን ደጊምና ክነረጋግጾ ንፈቱ። ብተረድኦና እምበኣር፣ ንዘተን ንልዝብን ንሰላማዊ ፍታሕን ዝነጸገ፣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ወይ ውን ዝኾነ ይኹን ካልእ ተቓዋሚ ውድብ ኤርትራ ዘይኮነስ፥ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኢዩ። ብተረድኦ ሓውና ሕሩይ ግን እንድዒ!!! ተቓወምቲ ውድባት ኢየን ጸረ ዘተን ጸረ ሰላምን ከይብለና ንሰግእ ኣሎና።

ከምኡ ውን፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ1998 ውግእ ከይተባርዐ እንከሎ፣ እቲ ግርጭት ብዘተን ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብን ክፍታሕ ቅድሚ ውድባት ኤርትራ ይኹን፥ ቅድሚ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ጻውዒት ዘቕረበ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምዃኑ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ። ሕጂ ውን እንተኾነ፣ ጉዳይ ዶብ ቀያድን ናይ መወዳእታን ስለዝኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክቕበሎ፤ መንግስቲ ኤርትራ ድማ፣ ነቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ዝግበረሉ ዘሎ ናይ ዘተ ጻውዒት ክቕበል ኢና ክንጽውዕ ጸኒሕናን፣ ጌና ውን ንጽውዕ ዘሎናን።

ኣብዚ እዋንዚ ውድብና ምስ ስርዓት ኢሳያስ ንምልዛብ ብውልቁ ይኹን ብልፍንቲ ዝገበሮ ጻውዒት ከምዘየለ፣ ዋላኳ ብሩህ እንተኾነ ኣፍ መደናገርቲ ንምዕጻው ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ኣይንደልን።

ካብ ገለጻ ሓው ሕሩይ ዝበርሃልና ሓደ ሓቂ ግን ኣሎ። እቶም ብናይ ብርዒ ስም ተጠቒሞም ሰውራዊ ባይቶ ካብ ስርዓት ኢሳያስ 80 ሚልዮን ዶላር ተቐቢሉ፤ ገሊኦም ከኣ ብብልዮናት ምቕጻር ለሚዶም ግዲ ኰይኖም፣ 80 ምልዮን ግዲ ውሒድዎም 200 ሚልዮን ኢዩ ክብሉ ተሰሚዖም። ገለ ካልኦት ከኣ፣ ክዛተዩ ተዳልዮም ኣለዉ፤ ምስ የማነ ገብረመስቀል፣ ምስ መሓመድ ሰዒድ ተራኺቦም ...ወዘተ እናበሉ ክዛረቡን ክጽሕፉ ዝጸንሑ መዋፈርቶም በዓል መን ምዃኖም ብዘየዋላውል ኣገባብ ክበርሃልና ምኽኣሉ ኢዩ። እንተኾነ ግን፣ ሕሩይን መሰልቱን ውድብና ኣፍሪስና ኢሎም፣ ጥራሕ ዝባኖም ናብ ኢሳያስ ክስልሙ ከለዉ፤ “ህዝቢ ዓዲ ቀይሕ፣ ንሓውኻ ኣሕመድ ናስር ደኣ ኣበይ ገዲፍካዮ ኣቲኻ ኢሎም ነቒፎምኒ” ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ ጽንኩር መድረኽ፤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ መዓንጣኡ ሸጥ ኣቢሉ፣ ብጽንዓት፣ ስርዓት ኢሳያስ፣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢዩ ኢሉ ዝመከተ ውድብ ምዃኑ ሕሩይኳ ከምልማዱ ጸቓቒጥዎ ክሓልፍ እንተፈተነ ታሪኽ ግን ስጉሚ ውን ትኹን ወስ ከብሎ ኣይፈቕድን ኢዩ። እታ “ዲክታቶር” እትብል

ሕጂ ዝደጋግማ ዘሎ ቃል እኳ ከይተረፈት፡ ብቓልስና ኢና ኣውሒጥናዮ እምበር፤ ካብ ኣስመራ ድሕሪ ምውጻኡ ዝነበሮ መደብሲ ተማሊኡና ናብ ኢሳያስ ክኸይድ ኢዩ ነይሩ። “በዓልዚኣ (ዋናዚኣ) ዘይብልሲ፡ ዋንጫኻ ኣይዕተራ” ክብሉ ኣቦታትና ዝመሰልዎስ ለካ፡ ከም በዓል ሕሩይ ዝኣመሰሉ ሰባት ስለዘጋጠምዎም ኢዮም። ኤረ!! ሕፍር ከይበለ “ኣነ ደጊመ ናብ ኢሳያስ ኣይሰግደን ኢየ” ዝብለናስ፡ ክንደይ ግዜ ኢዩሞ ክሰግድ? ክላይላሶ ድዩ ኾይኑ ነገሩ!!!?

ሓውና ሕሩይ፡ ዝኾነ ይኹን ተመራሒ ዘይብሉ “መራሒ” ምኧኑ ኵሉ ዝፈልጦ ኢዩ። እዚ ጸገምዚ ስለዘለዎ ድማዩ፡ ኣብ ስልጣን መታን ክነብር፡ ውዲት ክፍሕስ፡ ክጐጻጅል፡ ክጥቕር፡ መሓዙት ክቐያይር፡ ሓንሳብ ክስልም ጸኒሑ ክሃድም፡  ዝርኣ። ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ሕሩዪ በዚ ተግባራትዚ ከም እተሳቐየ ህዝቢ ኤርትራን ኣባላት ውድባት ምሕዝነትን ዋላ ውን ጐረባብቲ ሃገራት ዝፈልጥዎ ጽሓይ ዝወቐዖ ምስጢር ኢዩ። ሕጂ ውን፡ ናይ ዋና ጽሓፊ መዋእሉ ስለዘብቐዐት፡ ሕንፍሽፍሽ ብምእታው ገለ ናይ ምድጋም ዕድል እንተኣጋጠመቶ ኢዩ እዚ ኵሉ ዕንክሊል ክብል ዝርአ ዘሎ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ሓባር ረብሓ ዘረጋግጽ፡ ሰላምን ፍቕርን ሕውነትን ዝሰፈኖ ዝምድና ምስ ጐረባብቱ ክህልዎ ኢዩ ዝኣምን። ነዚ ከኣ ክምህ ከይበለ ተቓሊስሉን ንመጻኢ ውን ክቓለሰሉን ኢዩ። እዚ ሕጂ ሓውና ሕሩይ ዝዕንድረሉ ዘሎ ባይታ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ካልኦት ተቓወምትን ዝመድመድሉ እምበር፤ ንሱስ ምስ ኢሳያስ ኰይኑ ክወግኦምን ከናሽወምን ኢዩ ዝውዕልን ዝሓድርን ነይሩ። ንፖሊሲታትና ኣብ ልዕሊ ጐረባብቲ ሃገራት ኣመልኪቱ ዝነዝሖ ዘሎ ሓሶትን ጥቕራንን ከኣ፡ ኣብ ኢትዮጰያን ሱዳንን ባይታ ንምኽላእና ዝግበር ዘሎ ሕሱርን ፍሹልን ፈተነ ምኧኑ ግን፡ ሀ...ሁ ናይ ፖለቲካ ንዝፈልጥ ሰብ ስውር ኣይኮነን። በዚ ናይ ሓውና ሕሩይ ዝታለል ጐረቤት ሃገር ኣሎ ዝብል እምነት ግን ፈጺሙ የብልናን።

ኣብ መንጐ ሱዳንን ኢትዮጵያን ክፈላሊ ፈቲኑ ተባሂሉ ሕቶ ወይ ክሲ ዝቐረበሉ ሕሩይ ደኣምበር ንሕና ኣይኮናን። ዘይተረድኦ እንተደኣኰይኑ ከኣ ተመሊሱ ነቲ ሕቶ ጥራይ ከንብቦ ኢዩ ዘለዎ። ክህቦ ዝግባኦ መልሲ ከኣ፡ እወ ኢለ፡ ወይ ከኣ ሓሶትዩ ኣይበልኩን ዝብል ኢዩ። “ሕነ ንቐራናትሲ ንኋዕማማት” ከምዝብሃል፡ ነቲ ዝቐረበሉ ክሲ ክንዲ ዝምልስ፡ ውዲታቱ ንምሽፋን ንካልኦት ከሰክም ምጕያይ ምስ ምንታይ ይቕጸር!!! መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን መንግስቲ ሱዳን፡ ኣንጻር መንግስታቶም ዝፍሓስ ውዲት ንምፍላጥ ዓቕሚ ስለዘይብሎም ድዩ ካብ ሕሩይ፡ እሞ ኸኣ ካብቲ ዝኾነ ይኹን ሰዓቢ ዘይብሉ ባእታ፡ ሓበሬታ ክጽበዩ!!!

ስግኣት ሓውና ሕሩይ ግን፡ እቶም ኣብ ፍርንክፈርት ናይ ምርድዳእ ስምምዕ ዝገበሩ ውድባት ካልኦት ተቓወምቲ ጠርኒፎም ሓያል ናይ ተቓውሞ ግንባር ክምስርቱ ከምዝኽእሉ ካብ ምርዳእ ኢዩ ዝብገስ። ነዚ ጕዕዞዚ ባዕሉ ጠጠው ከብሎ ከምዘይክእል ስለዝፈልጥ ከኣ ዘራይ ንምርካብ ሃሰውሰው ዝብል ዘሎ። ኣብ መደምደምታ፡ ንሕሩይ እነቕርበሉ ገለ ውሑዳት ሕቶታት ኣለዋና።

1. ስለምንታይዩ ሕሩይ ካብ “ሃገራዊ ፓርላማ ኤርትራ” ብወግዒ ክሳዕ ሕጂ ዘይሰሓበ?
2. ስለምንታይ ሕሩይ ምስቶም ንስርዓት ኢሳያስ እተቓወሙ ኣባላት ፓርላማ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ደው ዘይበለ? ወይ ስለምንታይ ኢዩ ከምኦም ዘይተኣስረ?
3. ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እንከሎ ተቓዋማይ ነይረ በሃላይ እንተደኣኰይኑ ብኸመይ ኣገባብ ኢዩ ዝቃወም ነይሩ?
4. ድሕሪ ማእሰርቲ 11 ኣባላት ፓርላማ፡ ከመይ ኢሉዩ ንደገ ክወጽእ ዕድል ረኺቡ ...ወዘተ።